VluchtelingenWerk Nederland

# ስልጣን ምሃብ 2
## – ማሕበራዊ ሓገዝ –

ኣነ በዚ ጽሑፍ,

ሙሉእ ሽም:

ዕለት ልደት:

ቪ-ቁጽሪ:
ከምኡ ውን ወይድማ
ኢ.ኤን.ዲ ቁጽሪ:

ንሰራሕተኛታት ናይ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ነዚ ዝስዕብ ጉዳያት ፍቓድ ይሀብ፡
- ንኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ዕላማታት ኣድላይ ዝኾነ ኣነ ብዛዕባ ናተይ ናይ ውልቂ ዝሃብክዎ ሓፈሻውን ፍሉይን ሓበሬታ ኣብ ኣሀጉራዊ ዲጂታል መዝገብ ንምክያድ;
- ምስ ካልኦት ትካላት ብሽመይ ንዝግበር ርኽክባት እዘን ትካላት ብዛዕባዚ ሕጋዊ መሰላት ዘለወን  ብዛዕባይ ሓበሬታ ክሓልፍ ስጋብ ብሕጊ ግዱድ ዝኾንኩ ነቲ ንዓይ ብሕጊ ዝተዋህበኒ ፍሉይ መለለይ ቁጽሪ ከም BSN ከምኡውን ቪ-ቁጽሪ ኣብ ክንዳይ ኮይኖም ጥራሕ ወይ ብናተይ ትእዛዝ ክጥቀምሉ። ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ናተይ ፍሉይ መለለይ ቁጽሪ ከም ተሓተቲ፡ ከም ሕጊ ምዕቃብ ውልቃዊ ሓበረታ ዝብሎ, ዝይኮነስ ከም ተጠቀምቲ ይጥቀምሉ;
.

ኩሉ ብዛዕባይ ዘሎ ሓበሬታ ብምስጢር ክተሓዝ እዩ፡ ከምኡውን ንዓይ ንዝተሓበረ ዕላማታት ጥራሕ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል፡ እቶም ዕላማታት ኣብ ዞም ዝስዕቡ ዝረኽቦ ሓገዛt እዮም፡
- ብዛዕባ መንበሪ ቤት;
- ኣብ ማሕበራዊ ሓገዝ;
- ናብ ትምህርትን ስራሕን;
- ኣብ ሕጋዊ መስርሓት, *ካብ መዕቆቢ ሓተትቲ-ዑቕባ ወጻኢ* ( ንኣብነት መንበሪ-ፍቓድካ ግዜኡ ምስዝውድእ)።

ከምኡውን ናተይ ናይ ውልቂ ሓበሬታይ ኣብ ውሽጢ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ናይ ስራሕ መምርሒታት ንምውጻእ ክጥቀምሉ ይከኣል። ብዛዕባ ሓደሽቲ ዕላማታት ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ተወሳኺ ክሕብሩኒ እዮም።

እዚ ስልጣን ምሃብ ንሃገራዊ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ከምኡውን (ንዓኻ ዝምልከት ኣብ ታሕቲ ምልክት ግበር) ይሰርሕ):[1]

☐ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ሰሜን-ሆላንድ
☐ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ምብራቕ-ሆላንድ
☐ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ሰሜናዊምዕራብ-ሆላንድ
☐ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ደቡባዊምዕራብ-ሆላንድ
☐ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ደቡብ-ሆላንድ
☐ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ማእከል-ሆላንድ
☐ ማሕበር ሓደሽቲ-ተቐማጦ ከምኡውን ካብ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ብራባንት-ሰንትራል

ቦታ:
ዕለት:
ሽም[2]*:
ፊርማ*:

[1]ኣብዚ ሓንቲ ማሕበር ጥራሕ ኣመልክት። ናብ ናይ ካልእ ማሕበር ቦታ እንተዳኣ ግዒዝካ ካልኣይ ፊርማ ምስ ሓድሽ ዕለት ኣስፍር።
ክልተ ወርሒ ድሕሪ ምፍራምካ እቲ ነታ ዝሓለፈት ማሕበር ናይ ውልቂ ሓበሬታኻ ንኽትጥቀም ዝሃብካዮ ፍቓድ ከም መሰረት ውዕል ባዕሉ ይወድቕ፡ ባዕልኻ እዚ ፍቓድ ከይወደቐ ክቕጽል ከምዘለዎ እንተዳኣ ዘይሓቢርካ።   እታ ዝሓለፈት ማሕበር ናትካ ናይ ውልቂ ሓበሬታ ብምኽንያት ካልእ መሰረት ዘለዎ ከም ሕጊ ዝእዝዞ መሰረት፡ ምኽንያት ንስኻ ከም ኣባል ናይቲ ውዕል ነቲ ውዕል ንምፍጻም ወይውን ብምኽንያት  ፍትሓዊ ጥቕሚ ከየቋረጸት ክትጥቀመሉ ትኽእል።.
[2] ንመንእሰያት ትሕቲ 16 ዓመት እቲ ሕጋዊ ወኪል ሽሙ ጽሑፉ ክፍርም ይግባእ።
.

## ሓበሬታ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ናይ ውልቂ ሓበሬታኻ

**ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት እንታይ እዩ?**
ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ሆላንድ ነጻ ማሕበር ኮይኑ ንመሰላት ስደተኛታት ዝቃለስ ከምኡውን ኣብ ሆላንድ ሓድሽ ሂወት ንምምስራት ይሕግዝ። ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ንሓተትቲ-ዑቕባ ኣብ ናይ ዑቕባ-መስርሕ፡ ኣብ ምጽንባር-ሕብረተሰብ ከምኡውን ብዛዕባ ሓተትቲ-ዑቕባ ካልእ ዘለዎም ሕቶታት ይሕግዝ። ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ሆላንድ ካብ ሃገራዊ ማሕበር ከምኡውን ካብ ዞቦውያንት ማሕበራት፡ ሰሜን-ሆላንድ፡ ምብራቕ-ሆላንድ፡ ሰሜናዊምዕራብ-ሆላንድ፡ ደቡባዊምዕራብ-ሆላንድ፡ ደቡብ-ሆላንድ፡ ማእከል-ሆላንድን ካብ ማሕበር ሓደሽቲ-ተቐማጦ ከምኡውን ካብ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ብራባንት-ሰንትራል ዝቖመ እዩ።

**ሕጊ ምክልኻል ናይ ውልቂ ሓበረታ**
ሆላንድ ናይ ውልቂ ሂወትካ ንምክልኻል ሕጊ ኣለዎ። እዚ ሕጊ ምክልኻል ናይ ውልቂ ሓበሬታ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ናትካ ናይ ውልቂ ሓበሬታ ብከመይ ክሕዞ ከምዘለዎ ይሕብር። እዚ ሕጊ ነዚ ብጥንቃቐን ብውሑስ መንገድን ክኽውን ከም ዘለዎ ይእዝዝ። ዝኾነ ሰብ ናይ ውልቂ ሓበሬታኡ ዝተጻሕፈ ናይዚ ናይ ቅንዕና ኣጠቓቕማ ክከታተል መሰል ኣለዎ። ስለዚ ንኣብነት ብዛዕባኻ ዝተጻሕፈ ሓበሬታ ኩሉግዜ ክትርኢ፡ ከተመሓይሽ፡ ክትውስኽ፡ ከተጉድል፡ ከምዘይረአ ክትገብር ወይድማ ናብ ካልእ ከመሓላልፉልካ ይፍቀደልካ።

**ናትካ ናይ ውልቂ ሓበሬታ**
ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ንዓኻ ብጽቡቕ ክሕጉዝኻ ናትካ ናይ ውልቂ ሓበሬታ የድልዮም። እዚ ንኣብነት ሓፈሻዊ ሓበሬታ ከም ስም፡ ኣድራሻ፡ ዜግነት፡ ዕለት-ልደት ከምኡውን ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ-ዑቕባን ናይ ውልቂ ኩነታትካን። ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ውልቂ ኩነታትካ ፍልይ ዝበለ ሓበሬታ ክህልዎ ይኽእል። እዚ ሓበሬታ እዚ ኣብ ሆላንድ ከም ዝያዳ ተኣፋፊ ስለዝቑጸር ብዝያዳ ብጥንቃቐ ክተሓዝ ይግበኦ። እዚ ሓበሬታ ንኣብነት ዓሌትካ፡ ጥዕናኻ፡ ሃይማኖትካ ወይ እምነትካ ወይ ድማ ናይ ፖለቲካ ኣረኣእያኻ ክኽውን ይኽእል። ሕጊ ምክልኻል ናይ ውልቂ ሓበሬታ ነዞም ፍሉያት ናይ ውልቂ ሓበሬታ ኣብ ጥቕሚ ምውዓል ይኽልክል፡ እዚ ንኣብነት ምጥቃም ናይዞም ፍሉያት ናይ ውልቂ ሓበሬታ ብሕጊ ዘገድድ ኣድላይነት እንተዘየልዩ ውይ ድማ ባዕልኻ ንዓና ነዚ ክንጥቀመሉ ፍቓድ እንተዘይሂብካና።
**ናትካ ፍሉይ ናይ ውልቂ ሓበሬታኻ ኣብ መዝገብ ዝጸሓፈሉ ምኽንያት ንመስርሕ-ዑቕባኻ ኣገዳሲ ምስዝኸውን ጥራሕ እዩ።**

**ፍቓድ**
ንዓኻ ክንሕግዘካ ክንክእል ናትካ ናይ ውልቂ ሓበሬታ ንኽንጥቀምን ከምኡውን ነዚኦም ኣብ ናትና ናይ መዝገብ ስርዓት ኮምፒዩተር ክንዓቕሮም ከተፍቅደልና ብጽሑፍ ፍቓድ ንሓተካ። እንተዳኣ ናብ ካልእ መዕቀቢ ቦታ ግዒዝካ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ናትካ መዝገብ ናብቲ ዝስዕብ መዕቆቢ ቦታ ዘሎ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ይሰዶ፡ እዚ እቲ ሓገዝ (ኣብ መስርሕ-ዑቕባ ወይ ኣብ ምጽንባር-ሕብረተሰብ) ምእንቲ ክቕጽል።
**ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ንኩሎም ሰራሕተኛታቱ ናይ ውልቂ ሓበሬታኻ ብምስጢር ክዕቅቡን ብዘተኣማምን ክሕዙን ይግድድ።**
ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ናይ ውልቂ ሓበሬታኻ ብማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ሕጉስ እንተዳኣዘይኮንካ  ብዛዕባዚ ጥርዓን ከተቕርብ ትኽእል። ከመይ ጌርካ ጥርዓን ከትቕርብ ከምትኽእል ዝሕብር መምርሒ-ጽሑፍ ኣብ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ንክረአ ተቐሚጡ ኣሎ። ኣብ ዝኾነ ግዜ ነዚ ክወሃበካ ክትሓትት ትኽእል።

**ዝያዳ ሓበሬታ ትደሊ ዲኻ?**
ኣተሓሕዛ ናይ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ብዛዕባ ናትካ ናይ ውልቂ ሓበሬታ ኣብቲ መምርሒ-ጽሑፍ ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ንዓኻ ዝተሓላለኸ እንተኾነ እሞ ብመሰረት እዚ ዝተዋህበ ሓበሬታ ሕቶታት እንተዳኣ ኣለካ፡ ብዘይስክፍታ ምሳና ተራኸብ። ንሕና ንዓኻ ብዝበለጸ ክንሕግዝን ክንሕብርን እዩ ስራሕና።

ምስ ሰላምታ፡

ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት